Tigrinska



# ኩሉ ሰብ ቀይሕ ካርዲ ክወሃቦ እዩ!

## ሕጂ ካርዲ-ባስ ክትቅይር ኣለካ

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ምቅያር ካርዲ ከምኡ ውን ሚና-ሲዱር ኣንብብ፡ **llt.lulea.se**

LLT

ዘሎ ካርዲ ኣውቶቡስ፡ ስኑይ19 ግንቦት ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ክኸውን እዩ። ቀጠልያ ካርዲ-ባስ ምስእትህልወካ፡ግድን ብቐይሕ ካርዲ-ባስ ክትትክኣ ኣለካ።

**ንምቕያር ከምዚ ዝሰዕብ ግበር፡**

ኣብ ሰመድየ-ጋታን 13 ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት LLT ብምኻድ ካርዲ ክትቅይር ትኽእል።

**ክፉት ሰዓታት ሰራሕ፡**

ሰዓታት ሰራሕ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና llt.lulea.se ኣቲኻ ኣንብብ

## ኣገዳሲ!

- ካርዲ ክትቅይር እንከለኻ፡ዝህልወካ ተረፍ ገንዘብ ወይ ግዜ ናብታ ሓዳስ ቀያሕ ካርዲ ነሰጋግሮ።
- ኣብዚ ዝሰዕብ ቦታታት፡ ቀይሕ-ካርዲ ገንዘብ ወይ ውን ግዜ ክትመልኡ ትኽእል፡ ክፍሊ ሓበሬታ LLT፡ ኣብ ስትራንድ-ጋለርያ ዝርከብ ፕረሰቢሮ፡ ሚና-ሲዱር።
- ኣብ ኣውቶቡስ ብባንኪ ካርዲ ጌርካ ተራ ትኬት ጥራይ ኢኻ ክትዕድግ እትኽእል።
- ካርዲኻ ምስእትጠፍእ፡ መተካእታ ክትከሓስ መታን፡ ካርዲኻ ኣብ ሚና-ሲዱር ክትምዝግባ ኣለካ።

**ሚና-ሲዱር** ዜናታት!

ነታ ካርዲ ብምግጣል፡ ነቲ ንዌብሾፕ ዝትክእ ሓድሽ እንጥቀመሉ መገልገሊ-ገጸት ዝምልከት ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣንብብ።

ናብ ሚና-ሲዱር ምኻድ




# ሚና-ሲዱር

## እቲ ኣብዚ ሕጂ እዋን እንጥቀመሉ ዌብሾብ ብ ሚና-ሲዱር ክትካእ እዩ።

**ኣብ ሚና-ሲዱር እዚ ዝሰዕብ ከተሳልጥ ትኽእል፡**

- ኩሉ ዓይነት ትኬታት ምዕዳግ።
- ትኬታትካን ትኬት ሰድራኻን ምምሕዳር።
- ንኻልኦት ዝተመዝገቡ ተጠቀምቲ ትኬት ክትህብ ምኽኣል።
- ትኬትካ ኣብቲ ናትና ኣፕሊኬሽን ወይ ውን ኣብ ካርዲ ክህሉ ክትመርጽ ምኽኣል።

**መኽፈሊ ኣማራጺታት**
ዴቢት-ካርዲ፡ሰዊሽ ወይ ክላርና

ካርዲኻ ኣመዝግብ
ካርዲኻ ምስእትጠፍእ፡ መተካእታ ክትከሓሰ መታን፡ ካርዲኻ ኣብ **ሚና-ሲዱር** ክትምዝግባ ኣለካ።

ንካርዲ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ሚና-ሲዱር ኣቲኻ ኣንብብ፡ **llt.lulea.se**